ኑዛዜ ኃጢአት

የካቲት 30 2007 ዓ.ም. (3/10/2015)

ንባብ፡

ሉቃስ 15:11-ፍ፣ ኢሳ 1፡16-18፣ መዝ 51:1-19

"እምብአርሲ ምእንቲ ክትሓውዩ ንሓድሕድኩም ኃጢአትኩም ተናዘዙ" (ያዕ 5፡16)። ዘሎናዮ እዋን ጊዜ ጾም ፯ ንንስሓ ዝዕድም ፍሉይ እዋን እዩ። ቤተ ክርስትያን "ብወርሓት ፋሲካ ተናዚዝካ ቍረብ" ትብለና። ምስ ክርስቶስ ምሉእ ሓድነት ክህልወና ሕጉስን ቅሳነት ዝመልአ ሕይወት ክነሕልፍ ካብ ልብና ኃጢአት ክነርሕቕ አሎና።

አብ ኃጢአት ዝነብር ሰብ እዚ ዝስዕብ ነገራት የርኢ፡

- ሕጉስ አይኮነን። ናይ ምንጪ ሓጎስ አምላኽ አብኡ ስለ ዘየለ ከምኡ ጸጋ አብኡ ስለ ዘይርከብ ቅሱን አይኮነን። ቃኤል ንሓዉ ምስ ቀተለ ኩሉ ዝቕትሎ ኮይኑ ተሰሚዕዎ። ኃጢአተኛ አምላኽ ምስኡ ስለ ዘየለ ኩሉ ጊዜ ጭኑቕ እዩ።
- ጽቡቕ ክገብር አይክእልን እዩ። ሕልንኡ ብኻልእ መንፈስ ስለ ዝተወርሰ አምላኽ ዝደልዮ ክገብር ይኽብዶ ምናልባት ክገብር እንተ ደለየ ምሉእ አይገብሮን እዩ። ኵሉ ጊዜ አብ ሃረርታ እምበር ምልአት ጽቡቅ ግብሪ የብሉን።
- ምስ ብጾቱ ጽቡቕ ርክብ የብሉን። ሳዕቤን ኃጢአት ምስ አምላኽ ጥራሕ አይ ኮነን ርክብ ዝበትከና ምስ ከማና ሰባት እውን ሓቀኛ ርክብ ክንገብር የጸግመና። ክጻላእ ካብ ሰናይ ግብሪ ምግባር ክርሕቕ ጊዜ አይወስደሉን እዩ። አብ ሕብረተሰብ አብ ቤተ ክርስትያን ቀኑስሊ ኮይኑ ክዘርግን ከኽፍእን ይነብር።
- ሰይጣናዊ ክፍአት ግብሪ ክገብር ይርአ። ሰይጣን ዝማረኾ ሰብ ንኽፍአት ናተይ ኢሉ ዝለ ዝሕዞ በቲ ዝገብሮ ክፍአት ይሕበን እኳድአ ስራሕ ጅግና ዝገብር ዘሎ ይመስሎ። ኃጢአት ክገብር እንከሎ አብ ክንዲ ዝስከፍን ዝሓፍርን ዝተዓወተ ይመስሎ።

አብ ኃጢአት ዝርከብ እዝን ካልእን ስለ ዝመልኮ ካብ ኃጢአቱ ክምለስ ፍሉይ ጸጋን ናይ ርእሱ ተበግሶ የድልዮ። እዚ እዋን ነዚ ክንገብር ዝሕግዝ እዩ። አብ ውሽጥና ክንአቱ ክንፍትሽ ንሕወትና ክንሓትት ግድነት እዩ።

አብ መአዲ ንስሓ ክአቱ ዝደሊ ሰብ ክገብሮ ዝግብኦ ቀንዲ ነገራት አሎ።

1. ምስ ርእሱ ተዛሪቡ ክኽእል አለዎ። "በደለይ እናዘዝ አሎኹ፣ ብኃጢአተይ እጕሂ አሎኹ" (መዝ 38፡18) ደጊሙ ክኽእል አለዎ። ሰብ ንኃጢአቱ ንክፍአቱ ባዕሉ ክርኢ እንተ ዘይክኢሉ ክንሳሕ ካብ ኃጢአቱ ክምለስ ከቢድ እዩ። አብ ርእሱ አትዩ በዲለ አብ ቅድሚ አምላኽን ሰብን ክፉእ ገረ አብ ሰማያዊ አቦ ክምለስ አሎኒ ኢሉ ዘተ ምስ ርእሱ ክገብር ይግብኦ። ትዕቢትናን ሰይጣንን ብሓደ ኮይኖም አብዚ ከይንበጽሕ ይዓግቱና እሞ መገዲ ንስሓ ከይፈለጥናዮ ፀሓይ ትዓርበና።

2. **አብ አምላኽ ክምለስ አሎኒ ክብል አለዎ።** ንዘይትፈልጦ ክትናፍቆ አይትኽእልን ኢኻ ሰብ ንአምላኽ ክናፍቕ ክፈልጦ አለዎ። ምሕረት አምላኽ ከምኡ አብ ግላውን ሓበራውን ዝገበረልና ርኢና አብ አምላኽ ክንምለስ ንኽእል ሽዑ፥ "አብሳይ እፈልጥ አሎኹ ኃጢአተይውን ኵሉ ጊዜ አብ ቅድመይ እዩ፥ ንአኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፥ አብ ቅድመኻ እከይ ገበርኩ፥ ክትፈርደኒ ሓቅኻ ኢኻ እንተ ቐጻዕካኒ እውን ቅኑዕ አሎኻ" (መዝ 51፡3-4) እናበለ ክጽልን ክእመንን ይክእል። አምላኽ ክርኢ ዘይከአለ ሕልና ጽቡቕ ክገብር ንመገዲ ክፍአት ክሓድግ ጽንኩር እዩ።

3. **ምስካልአት ዘሎና ርክብ አገዳሲ እዩ።** ካብ ሰብ ክንወጽእ ክንርሕቕ አይንኽእልን ኢና ግን ብሓባር ንመገዲ አምላኽ ክንሕዝ ክንተሓጋገዝ ድላይ አምላኽ እዩ፥ "ኣእምብአርሲ ምእንቲ ክትሓውዩ ንሓድሕድኩም ኃጢአትኩም ተናዘዙ" (ያዕ 5፡16) ይብለና። አብቲ እንርእዮ ከማና ሰብ መጀመርያ ክንሳሕ ይግባእ። አብ እምነትና አብ ካህን ንናዘዝ እዚ ሕጊ አምላኽ እዩ።

4. **ኃጢአት ብንጹር ክንፈልጦ አሎና።** "ሓደ ሰብ ኃጢአት እንተ ገበረ በቲ ዝገበሮ ኃጢአት ይናዘዝ" (ለዋ 5፡5)። ንዝገበርናዮ ኃጢአት ሓደ ብሓደ ዓይነቱ ቀጽሩ (ብዝሑ) ክንእመን አሎና። አብኡ እንከሎ አምላኽ ኩሉ ይፈልጦ እዩ ኢልና ሸፊና ክንናዘዝ ከሎና ንስሓና ጌና ምልአት የብሉን። ንስሓናን ብሓቂ ከምዝበደልና እሞ ምሕረት ከምእንሓትት ከርኢ አለዎ።

5. **"ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ግበሩ"** (ማቴ 3፡8)። ኃጢአትና ክበዱን ጉድአቱን ከሳቕየና እሞ መጠኑ ተረዲእና ምሕረት አምላኽ ክንልምን ይግብአና። በዲለ ተጋግየ ጥራሕ ዘይኮነ ጉድአት ክፍአትና አብ ርእስናን ብሰንክና አብ ኃጢአት ዝወደቕ ርኢና ክእሊልና ክንሳሕ አሎና።

ኢየሱስ ካብ ምድረ በዳ ምስ ተመልሰ "እቲ እዋኑ በጺሑ እዩ፥ መንግስቲ አምላኽ ከአ ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ፥ ብወንጌልውን እመኑ" (ማር 1፡14) እናበለ ሰባት ክንስሑ አብ አምላኽ ክምለሱ ክሰብኽ ጀሚሩ። እዚ አብ ወንጌል ዝሕተት ንስሓ ብዝገበርካዮ ክፍአት ተአሚናካ ይቕረታ ምሕታት ጥራሕ አይኮነን ዘመልክት። "መታኖያ" ማለት ፍጹም ተሓድሶ ካብቲ ዝነበርካዮ ካልእ ሰብ ኮንካ ጨሪሽካ ምቕያር እዩ። ሓዲስ ሰብ ሓዲስ ፍጥረት ኮንካ ምስ አምላኽ ሓደ ክትከውን ዝጽውዕ እዩ።

አብ ብሉይ ኪዳን ነዚ ዝመስል ንንስሓ ዝዕድም ብተደጋጋሚ ንህዝበ እስራኤል ክንገር ንርኢ። ኢሳይስ ነብይ "ተነስሑ ካብ ኃጢአትኩምውን ተሓጸቡ፥ ንገዛእ ርእስኹም አንጽሑ፥ አብ ቅድመይ ክፉእ ምግባር ጎደጉ፥ ሠናይ ምግባር ተመሃሩ፥ ብቕንዕና ፍረዱ፥ ንጥቁዓት ርድእዎም፥ ንዘኽታማት ፍትሒ አውጽኡሎም፥ ንመበለታት ተጣበቕለን" (ኢሳ 1፡16-18"። አብዚ አምላኽ መጀመርያ ግላዊ ንስሓ ከም ዘድሊ ድሕሪኡ ምስ አምላኽ ዕርቂ ክንገብር ካብኡ ቀጺልና ምስ ከማና ሰብ ዘሎና ርክብ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ገርና ክነብር ከም ዘድሊ ይነግር። ተነስሑ፥ ተሓጸቡ፥ ንኽፍአት ሕደጉ ዝብላ ቃላት ሎሚ እውን አምላኽ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ክብለን ድላዩ እዩ።

ኃጥአት የብለይን ዝብል እንተሎ ንርእሱ የታልል አሎ። ቅ. ዮሓንስ አብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ "ኃጢአት የብልናን እንተ በልና ንገዛእ ርእስና ንጥብር አሎና፥ እታ ሓቂ እውን አባና የላን፥

ኃጢአትና እንተ ተናዘዝና አምላኽ እሙንን ጻድቅ ስለ ዝኾነ ንኃጢአትና ይቅረ ክብለልና ካብ ኩሉ በደልና እውን ከንጽሓን እዩ (1ዮሓ 1፡8-9) ይብል።

ሓደ ካብቲ ዝኸፍአ ነገር ሰብ ዝገብሮ ንርእሱ ባዕሉ የታልል ነቲ ዝገበሮ ክፉእ ነገር ክቕበሎ ከም ጽቡቅ ገሩ ክወስዶ አየጽግሞን። ነብያት ንደቂ እስራኤል ክፍአቶም ካብ ዓቐን ምስ በዝሐ ብዝተፈላለየ መገዲ ይገልጽሎም ነሮም። ክፍአትኩም ርአዩ ካብ መገዲ አምላኽ ወጺእኩም አሎኹም እናበሉ ክምለሱ ንክፍአቶም ርእዮም ክኽእሉ ይነግርዎም ነሮም። ዮናስ ነብይ አብ ሰብ ንነዌ ምስ ከደ "ነነዌ አብ ውሽጢ እዘን አርብዓ መዓልቲ እዚአን ኽትግምጠል እያ" እናበለ ክንስሑ ነጊርዎም። ሎሚ አምላኽ ልኡኹ ሰዲዱ አብዚ ጊዜ ጾም እንተ ዘይተነሳሕካ/ኪ ክጠፍእ ክትመውት ኢኻ እንተ ዝብለና እንታይ ምገበርና? ሰብ ንነዌ መልእኽቲ አምላኽ ብዮናስ ምስ ተነግሮም "ኵሉ ክጸውም አዊጆም ከም ዝተጣዕሱ መታን ከርእዩ ኽአ ኻብ ዓበይቶም ክሳዕ ናእሽቱኦም ወጮ ተኽድኑ. . . ንጉሥ ካብ ዝፋኑ ተንሢኡ ልብሲ መንግስቱ ቀንጠጠ፥ ወጮ ተኽዲኑ አብ ሓሙኵስቲ ተቕመጠ፥ አብ ሰብ ነነዌ ኽአ አዋጅ አወጀ ሰብ ወይ እንስሳ ገለ ነገር አይጥዓሙ፥ መጓሰ ኽብቲ ኾነ መጓሰ አባግዕ ገለ እኳ አይጥዓማ አይውፈራ ማይውን አይስተያ፥ ሰብን እንስሳን ወጮ ይከደኑ ዓው ኢሎም ድማ ናብ አምላኽ ይማህለሉ ነፍሲ ወከፍ ከአ ካብ እኩይ መገዱን ካብቲ ኽፉእ ግብሩን ይመለስ" (ዮናስ 3፡4-9) ኢሎም ካብ መዓት አምላኽ ተማሒሮም።

ካብ ክፍአትና ክንምለስ ከሎና አምላኽ ምሕረቱ ይህበና ሓቀኛ ትርጉም ሕይወት ንነብር እሞ ሽዑ ደቂ አምላኽ መዋርስቲ ክርስቶስ ንኽውን። ንስሓ አፍደገ ሰማይ ይኽፍተልና ከምብሓዲስ ሓዲስ ርክብን ጉዕዞን ከምእንሕዝ ይገብረና። ሎሚ ከም ሰብ ነነዌ አብ ሓዲስ ምዕራፍ ሕይወትና ክንአቱ አብ እንጽውዓሉ ዘሎና እዋን ክንሰምዕ ደፊርና ንስሓ ክንእውጅ ድላይ አምላኽ እዩ።

አብ አምላኽ ከይምለስ ከይንስሕ ዓጊቱኒ ዘሎ እንታይ እዩ ክንብል አሎና። አብ ክፍአትናን ኃጢአትናን ተረሪርና ምምላስ ምስ አበና አብ ውሽጥና ሰላም የብልናን፥ ቅሱን ሕይወት የብልናን አብ ዝኾነ እንህቦ ፍርዲ ወይ ርኢቶ በቲ ኃጢአትና ዝተጸልወ እዩ ስለዚ ጽቡቅ ክንገብር የጸግመና፥ ክንምለስ ድፍረት የድልየና። ንስምዒትና ንአተሓሳስባና ክነሽንፍ አሎና። ተሪርና ሕይወትና አብ ጸላም ክትነብር አይንፍረዳ። አምላኽ ብሕዝቅኤል ነቢይ ገሩ "ኃጥእ ካብ እኩይ መገዱ ኺምለስ እምበር ብሞት ኃጥእ ባህ አይብለንን እዩ፥ ስለዚ አንቱም ሕዝቢ እስራኤል ስለምንታይከ እትሞቱ ካብቲ እኩይ መገድኹም ተመለሱ" (ሕዝ 33፡11) ዝብሎ ንነፍሲ ወከፍና ዝቕርብ ዘሎ መጸዋዕታ እዩ።

አምላኽ ክንምለሶ ይጽበየና፡

እግዚአብሔር ንቀዳሞት ወለድና ምስ ሓደግዎ ካብኡ ካልእ ሕይወት ምስ መረጹ "አ አዳም አበሎኻ እናበለ ደልይዎም። ክምለስዎ ዝደለ ንሱ እዩ። ሎሚ እውን ንነፍሲ ወከፍና አ እገሌ/እገሊት አበለኻ/ኺ እናበለ አብኡ ክንምለስ ይሓተና አሎ። መገዲ ጥፍአት ሒዝና አብ መከራን ውርደትን አብ ገፍሕ መገዲ ግን ውርደትን መከራን አብ ዘምጽእ ሕይወት እንተ ሎና ክንምለስ ሎሚ እዋኑ እዩ።

አብ ራእይ ዮሃንስ "እንሆ አብ አፍደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኺሕኳሕ አብል አሎኹ፥ ሓደ እኳ ድምፀይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኽፈተልይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ አብ መአዲ ኽቕመጥ እየ፥ ንሱውን ምሳይ ኪቕመጥ እዩ" (ራእ 3፡20) ዝብል ነንብብ። አብ ዕለታዊ ሕይወትና አብኡ ክንምለስ መገዱ ክንሕዝ ይጽበየና። ሕይወት ጉዕዞ እዩ ኢየሱስ አነ "መገድን ሓቅን ሕይወትን እየ" እናበለ አብ መገዱ ክንርከብ ጓል መገዲ ሒዝና ከይንጠፍእ ይነግረና። መገዲ አምላኽ ጸባብ

እያ ይብለና ጸባብ ዝገብራ እቲ ፈተና ዓለምን ባዕልና ብሕመቕና እነምጽኦ ድኽመትን እዩ። ልኡኻት አምላኽ አብዚ ዓለም እና ተዛነዩ ክነብሩ አይክአልን እዩ። "ኩሉ ጊዜ ነቒሕኩም ንበሩ" እዩ ዝብለና።

አብ ወንጌል ሉቃስ እቲ በታኒ ውሉድ ካብ ቤት አብኡ ምስ ወጸ ንመገዲ ክፍአት ናተይ ኢሉ ምስ ተተሓሓዘ አብ መጀመርያ ዝተዓወተ መሲልዎ ዝበለጸ ነጻነት ዝረኸበ መሲልዎ እናወዓለ እና ሓደረ ምስ ረአዮ ግን ዝመረጾ ሕይወት ሞት ከምዝኾነ ክርኢ ክኢሉ። ነዚ ውሉድ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ዝገብሮ ክፍአቱ ክርኢ ክኢሉ። ንቤት አብኡ ክናፍቕ ጀሚሩ ስለዚ አብ ጉዕዞ ንስሓ ክጉዓዝ ጀሚሩ። "ሽዑ ናብ ልቡ ተመልሰ. . . . ተንሢአ ናብ አቦይ ኪኸይድ እሞ፥ አቦ አብ ቅድሚ ሰማይን አብ ቅድሜኻን ኃጢአት ገበርኩ፥ ደጊም ወድኻ ክብሃል አይበቅዕን እየ፥ ከም ሓደ ካብ ገላውኻ ግበረኒ ኽብሎ እየ" (ሉቃ 15፡1719) ኢሉ ምስ ነፍሱ ተዛሪቡ። እዚ ገና አብ ዓዲ ጓና አብ ማእከል ሓሳሙ እንከሎ እዩ ሓሲብዎ ንጉዕዞ ንስሓ ካብቲ ቦታ ኃጢአት ጀሚርዎ።

አብ ንስሓ ክንአቱ ክንሳቐ ክንዋርድ የድልየና እዩ ምኽንያቱ ካብ አምላኽ ካብቲ ዘፍቅረናን ኩሉ ሰናይ ዝገበረልና አምላኽ ስለ ዝተፈለና። ከምዚ በታኒ ወዲ እምብአር አብ ልብና ንእቶ ነቲ ብሰንኪ ኃጢአትና አጥፊእናዮ ዘሎና ጸጋ ፍቕርን ምሕረትን ንርአ። ካብ ቤት አቦና ካብ ወገና ካብ ቤተ ክርስትያና ርሒቕና ብኻልእ ተመሊኽና እንተሎና ሎሚ ክንምለስ እዋኑ እዩ። አምላኽ ንስሓና ክቕበል ብወገና ምብጋስ የድሊ። ኮፍ ኢልና ከመለኹ አበሎኹ ኢልና እስከ ንፈትሽ ሕልናና ሽዑ ደፊርና "በዲለ ተጋግየ" ኢልና ንተአመን።

ወላዲ ኩሉ ጊዜ በደል ውሉዱ ዳርጋ አይቅበልን እዩ። ሓንትስ ፍቕሪ ወላዲ የርኢ እምበር ኩሉ ጊዜ ምስኡ ክነብር እዩ ዝደልዮ። አብ ባህልና ብርኪ ምውጻእ ዝብሃል አሎ ብዙሕ ጊዜ ወለዲ ብርኮም ከውጽእዎም አይህወኹን እዮም ደቆም እዮም ዝሓቱ ብርግጽ ብርክኻ ምውጻእ ጌጋ አይኮነን እንተ ኾነ ብርከይ ወጺአ ኢላካ ካብ ቤት አቦኻ ምርሓቕ እዩ እቲ ጸገም ዘምጽእ ዘሎ።

ሰማያዊ አቦና ኃጢአትና ከቢዱና ንመገዲ ንስሓ ክንሕዞ ምስ ጀመርና ጸግኡ ኃይሉ ይህበና እሞ ብማዕዶ ጣዕሚ ገዛና ከምእንርኢ ይግብረና። አምላኽ አብኡ ገጽና ክንመጽእ ምስ ረአየ ይቕበለና "ተንሢኡ ኸአ ናብ አብኡ ተመልሰ አብኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረአዮ እሞ ደንገጸሉ ጎዩ ኸአ ብኽሳዱ ሓኒቑ ሰዓሞ"። እዚ ምስዓም እዚ ናይ ምሕረት ሕድገት ምስዓም እምበር ናይ ናፍቆት ጥራሕ አይኮነን። "እዚ ወደይ ሞይቱ ነይሩ ሓውዩ ጠፊኡ ነሩውን ተረኺቡ እዩ" እናበለ ብዓል ዝገብር አቦ እዩ ዘሎና።

ኃጢአት ካብ አምላኽን ካብ ሰብናን እዩ ዝፈልየና። ዘምጽአልና ጉድአት ቀልጢፉ አይርድአናን እዩ ክሳብ አብ ደረጃ እንስሳን ሞት ምስ አብጽሓና አብ ተስፋ ቕርጸት ከም እንበጽሕ ገሩ ንመገዲ ንስሓን ተሓድሶን ክንዲ ንደሊ ብተስፋ ቕርጸት ንኹሉ አዋዲኾና ከይተነሳሕና ንመውት እዚ ዕጫ ከይበጽሓና ሎሚ ተነስሑ ተመለሱ ዝብል እዋን ረኺብና አሎና።

አብ መንበረ ኑዛዜ ክንቀርብ ግድነት እዩ፡

አብዚ እዋና ሓደ ንሰብ ከቢድዎ ዘሎ ኃጢአትን ዘይ ኃጢአትን ዝጠፍኦ ይመስል በዚ ምኽንያት አብ መንበረ ኑዛዜ ከይቐረበ ዘመናት ይሓልፍ፥ ነዚ ብዙሕ ምኽንያት ንፈጥረሉ ከብቲ ብዙሕ ነዚ ዝስዕብ ክንጠቅስ ንኽእል፡

- ኃጢአት ዝብሃል የለን። ክርስቶስ ንኹሉ ዕዳ ኃጢአትና ስለ ዝኸፈለልና ምድራዊ ሕይወትና ምስ ወዳእና ትኽ ኢልና መንግስተ ሰማይ ኢና እንአቱ ስለዚ ምንዛዝ ኃጢአት ዝብሃል ካህናት ዝፈጠርዎ እዩ ዝብል መበቆል

ኃጢአት ዝኾነ ምኽንያት ነቕርብ። ገዛእቲ ንሰባት ምእንቲ ክገዝኡ ዝፈጠርዎ እምበር አምላኽስ ብሓደ ወዱ አድሒኑና እዩ ዝብል ርድኢት። እዚ ንርእስኻ ምጥፍፋእ እዩ።

- **አብ ካህን ምንዛዝ አየድልን።** ብቐጥታ አብ አምላኽ ዘይናዘዝ አብ ከማይ ሰብ ዘናዝዝ የብለይን ኢልና ባዕልና ንበይንና አብ አምላኽ ንናዘዝ እዚ እውን ሰብ ኃጢአቱ ምስ ከበዶ ሰብ እንተ ፈለጠሉ ስለ ዝኸብዶ ዘምጽኦ እዩ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ "ንስኹም ዝአሰርክምዎ እሱር ንስኹም ዝፈታሕክምዎ ፍቱሕ" ክብሎም እንከሎ ስልጣን ምፍታሕን ምእሳርን ሂብዎም ስለዚ አብ ካህን ምንዛዝ ድላይ አምላኽ እዩ።

- **ንዘይ ምንዛዝ ሓንሳብ ምስ አቶናዮ ናይ ዘይምንዛዝ ልምዲ ይሕዘና።** ከይተናዘዝካ ነውሕ ምስ ገበርካ ብኡቢሉ ይተአታተወካ ኸዉ ምንዛዝን ዘይምንዛዝን ሓደ ኮይኑ ይስምዓካ። እዚ ነፍሰ ቕትለት እዩ ንርእስኻ ንሞት ትፈርድ አሎኻ ማለት እዩ። ከይተናዘዝካ ዛሕሊ መንፈስ ክወርሰካ እንከሎ ቀስ ብቐስ ሕልናኻ ትቐትል ሓላፍነት ተጥፍእ አብ መጨረሻ ጉዕዞ ሕይወትካ አጥፊእካ እንስሳዊ ዘይሓላፍነታዊ ሕይወት ትነብር።

- **ትርጉም ኃጢአት አጥፊእና።** ኃጢአት ዘውርደልና ሳዕበን ዳርጋ ጠፊኡ። ዘይ ኩሉ ዝገብሮ እዩ፥ እዚ ኃጢአት አይኮነን እናበልና ባዕልና ንእንገብሮ ንደሊ። ንሕልናና ንቐትሎ ኸዉ ኃጢአት ክንገብር ከሎና አይንስከፍና።

- **ዘጋጊ ሰይጣን ከምዘሎ ዘይምእማን፡** ሰይጣን ንደቂ ሰብ ካብ አምላኽ ምፍላይ እዩ ስርሑ። ንሱ ፍጡር አምላኽ ዝነበረ ግን ንአምላኽ ዝኸሓደ ንዘለዓለም ካብ አምላኽ ተፈልዩ ዝነብር ኩሉ ጊዜ ንሰብ ካብ አምላኽ ፈልዩ ናቱ ወገን ክገብር ዝፈታተን ሕሱም ጸላኢ እዩ። ነዚ የለን ምባል ንጸላኢኻ ባዕልኻ ኢድካ ምሃብ እዩ። ብዙሓት ብሰይጣን ተታሊሎም ዝተፈላለየ ክፍአትን ዓመጽን ይገብሩ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ንርእሶም አጥፊኦም ይነብሩ።

ሰብ መገዲ አምላኽ እንተ ሓዲጉ ብሓጢአቱ ተአሚኑ አብ አምላኽ እንተ ቐረበ እሞ እንተ ተጣዕሰ እምበር ካልእ መገዲ ድሕነት የለን። ብኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ አቢሉ ድሕሪኡ ንቤተ ክርስትያኑ መፍትሕ መንግስተ ሰማይ ሂቡ መጋበሪ ስሬት ኃጢአት ከም እንረክብ ገሩና። "መርሆታት መንግስተ ሰማያት ድማ ኽህበካ እየ፥ አብ ምድሪ ዝአሰርካዮ አብ ሰማይ እሱር ክኸውን እዩ፥ አብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኸአ አብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ" (ማቴ 16፡19) ዝብሎ ብኸመይ አብኡ ከምንለስ መገዲ ክሕብረና ኢሉ እዩ። መፍትሕ ዝሕዝ ሓላፍነት ዘልኦ እዩ። ንሱ እሙን ስለ ዝኾነ ዋና ገዛ መፍትሑ ይህቦ ንሱ ዝኸፈተሉ አብ ቤት ይአቱ ንሱ ዘይከፈተሉ ኸአ አይአቱን ስለዚ መፍትሕ ኑዛዜ ነቶም ብክህነት ሓላፍነት ዝለበሱ ካህናቱ ገሩ ከም እንረኽቦ ገርዎ፥ አብ ካህን ክንናዘዝ ድላይ አምላኽ እዩ።

አብ ዮሓንስ 20፡21-23 "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ ኃጢአቶም ዝጎደግኩምሎም ኪጎደገሎም ንዘይኃደግኩሙሎም ግና አይኪጎደገሎምን እዩ" እናበለ ንሓዋርያት ድሕሪ ትንሣኤኡ ዝሃቦም ሓላፍነት ንርኢ። ድሕሪ ጥምቀት ዝገበርናዮ ኃጢአት እምብአር ብንስሓ ኢና እነጥፍኦ ንሱ ኸአ አብ ካህን ብምንዛዝ።

አብ ሓ/ት/ክ ቍ 1456 ከምዚ ይብል "አብ እግሪ ካህን ዝፍጸም መደብ ኑዛዜ ናይ ምስጢረ ንስሓ ቀንድን አገዳስን ወገን እዩ፥ ድሕርቲ ጽፉፍ ዝኾነ መርመራ ኅልና እቲ ተነሳሒ ዝተረድኦ ዓቢ ኃጢአት ኩሉ ፈጺሙ ኅቡእን ስቱርን ኮይኑ ነተን መወዳእታ ክልተ ትእዛዛት ዚጥምትውን ከይተረፈ አብ ኑዛዜ ዘርዚሩ ኪነግሮ ትሑዝ እዩ"።

ዝረስሐ ክዳናን ሰውነትናን ንሓጽቦ ምኽንያቱ ርስሓት መጀመርያ ንጥዕናና ጽቡቕ አይኮነን ድሕሪኡ ምስ ሰብ ክንሕወስ ጽረት ወሳኒ እዩ እናጨኖኻ ምስ ሰብ እንተ ተሓወስካ ዘሰክፍ እዩ። መንፈሳዊ ርስሓት ክንሓጽብ ግድን እዩ። ስለዚ ተነሳሒ ክፍጽሞ ካብ ዘለዎ ተግባራት፡- "ጸጸት (ጣዕሳ) ቀዳማይ ቦታ ይሕዝ። ጸጸት ነፍሲ ብዝገበረቶ ኃጢአት ክትሓዝን ከላ፥ ነቲ ዝፈጸመቶ ኃጢአት ክትጽየፎ፥ ዳግም ንኸይትምለሶ ኸአ ቍርጺ ፍቓድ (ውሳኔ) ክትገብር እንከላ እዩ" (ሓ/ት/ክ/ 1451)።

ቤተ ክርስትያን ሕጽበት ነፍስና ብዝርኢ ክተስተምህረና እንከላ "አብ ዓቕሚ አእምሮ ዝበጽሐ ነፍስወከፍ ምእመን እንተ ወሓደ አብ ዓመት ሓደ ግዜ ነቲ ክብድ ዝበለ ኃጢአቱ ኪናዘዘሉ ይግደድ እዩ ዝኾነ ሰብ ዓቢ ኃጢአት ከም ዝፈጸመ እንተ ድኣ ተረዲእዎ፥ አብ ኑዛዜ ንኺቕርብ ዘየኽእሎ ኵነታት እንተ ዘይሃልዩ፡ ንኺቕርብውን ዓቢይን ብቕዕን ምኽንያት እንተ ዘይተረኺቡ፥ ወላ ዓሚቕ ስምዒት ጸጸት የሃልዎ፥ ናብ ኑዛዜ ከይቀረበን ፍትሓት ከይተቐበለን ቅዱስ ቍርባን ኪቕበል አይግብኦን" (ሓ/ት/ክ/ 1457)።

ዕለት ዕለት ድኹማት ፍጥረት ስለ ዝኾና ዓቢ ኃጢአት እኳ እንተ ዘይገበርና ንእሽቶይ ኃጢአት ንገብር ኢና ነዚ እውን ብኑዛዜ ክንሓጽቦ ግዱዳት ኢና። ሕልናና ክንሰርዕ ተጻይቲ አባና ዝርከብ ክፉእ ዝንባሌታት ክንዋጋእ ይግብአና ምስጢረ ኑዛዜ ነዚ ክንዕወት ይሕግዘና።

መደምደምታ፡

ኃጢአትና ክንሳሕ ክንናዘዝ እንተ ኾአልና ጥራሕ ኢና አብ አምላኽ እንምለስ። ሕይወትና ግብርና አካይዳና ኵሉ ርኢና ክንክእል አሎና ኸዉ ንስሓ ኃጢአትና ክንጅምሮ ምእንቲ። አብ ሕይወትና ከይተመለስና ንጉዕዞ ንስሓ ክንተሓሕዞ አይክአልን እዩ። ተመለሱ ተነስሑ ንዝብል አምላኽ ክንሰምዖ እዋኑ እዩ። ልብና ዓጺና አይንንበር ነቲ ንልብና ከም ከውሒ ኮይኑ ዓጽዩና ዘሎ ሎሚ ንስበሮ ንእለዮ አብ አምላኽ ንመለስ።

አብ ወርሓት ፋሲካ ክንናዘዝ ጥቡቕ ትእዛዝ ቤተ ክርስትያን እዩ እዚ ኸአ አብ ትንሣኤ ክርስቶስ ብምሉእ ክንሳተፍ ንማለት እዩ። ኦ አምላኽ ፍጡርካ ክብሃል አይግብኦንን እዩ እንተ ኾነ ብዓኒ ምሕረትካ ተቐበለኒ ሓጢአተይ ተአሚነ አባኻ ክምለስ ጸጋኻ አበኒ ኢልና ንለምኖ።

ከምቲ በታኒ ውሉድ አብ ልብና አቲና ሎሚ ንንስሓ ኃጢአትና ተአሚና አብ ቤት አቦና ክንምለስ ነፍስ ወከፍና ጉዕዞና ንጀምር። ከም ሰብ ነነዌ ምሉእ ንስሓ እንተ ገበርና አምላኽ መሓሪ እዩ "ወደይ ኃለይ ጠፊኦምኒ ነሮም ሕጂ ግን ረኺበዮም እናበለ አብ ቤቱ ክቕበለና እዩ" እምብኦር ከካብ ጠፊእናዮ ዘሎና ወጺእና አብ አምላኽ ንቕረብ።

ዝንሳሕ ልቢ ሂቡ አብ ሕቕፉን አብ ማሕበሩን ይጸንብረና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ